# መጸዋዕታ ንሰላማዊ ሰልፊ

## ኣብ ዋሽንግቶን ዲሲ

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ካብ ኣስመራን ከባቢኣን ከምኡዉን ካብ ዝተፈላለያ ዓበይቲ ከተማታት ኤርትራ ብብዝሒ መንእሰያት፡ ብምግፋፍ ኣብ ዝተፈላለያ መዓስከራትን ቤት ማእሰርትታን ዓጽዩዎም ይርከብ ኣሎ። ሓንቲ ካብዘን ቤት ማእሰርቲ'ዚኤን ኣብ ዓዲ ኣቤቶ ትርከብ ወትሃደራዊ ቤት ማእሰርቲ እያ።

ኣብ ዓዲ ኣቤቶ፡ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ብግፍዓዊ ኣቀታትላ ልዕሊ 50 ዜጋታትና ዝቐተለ ክኸዉን እንከሎ፡ ከምኡ'ዉን ልዕሊ 250 ዝኾኑ ድማ ከምዝቘሰሉ ካብ ዝተፈላለየ ማዕኸናት ዝመጽእ ዘሎ ወረ የረጋግጾ። ጌና ኸኣ መቕተልቲ ይቕጽል ኣሎ፡ ጠጠዉ መበሊ ድማ የብሉን።

ንሕና ኣብ ዋሽንግቶን ዲ.ሲን ከባቢኣን ንርከብ ኤርትራዉያን፡ ነዚ ኣብ ዓዲ ኣቤቶ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ተፈጺሙ ዘሎ ግፍዒ ኣጥቢቕና ንኹንን። ሃገርናን ህዝብናን እንዳጠፍኤ፡ ዝኾነ ይኹን ኤርትራዊ ዜጋ ሱቕ ኢሉ ክዕዘብ ግቡእ ከምዘይኮነ ብምግንዛብ፡ ንዝመጽእ ሰኑይ ሕዳር 22፡ ኣብ ከተማ ዋሽንግቶን ዲሲ ዓቢ ሰላማዊ ሰልፊ ኣንጻር ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንምግባር ዘድሊ ሕጋዉን ንዋታዊን ምቅርራባት ኣማሊእና ንርከብ።

በዚ መሰረት፡

- ንኹሉኹም ኤርትራዉያን ተቓወምቲ ዉድባት
- ንኹሉኹም ኤርትራዉያንን ፈተዉቲ ኤርትራን
- ንኹለኸን ኤርትራዉያን መርበባትን ማዕኸናት ዜናን

ኣብ'ዚ ሰላማዊ ሰልፊ'ዚ ንኽሳተፉ ብኣኽብሮት ንዕድም።
ዕላማ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ነዚ ኣብ ዓዲ ኣቤቶ ዝተፈጸመ ግፍዒ ንምቅዋምን ንዓለም ንምቅላዕን እዩ።

**ዝግበረሉ ቦታ፡-** ኣብ ናይ ኤርትራ ኤምባሲ
ዋሽንግቶን ዲ.ሲ
1708 New Hampshire Ave.
NW, Washington, DC 20009
**መዓስ፡-** ሰኑይ ሕዳር 22, 2004
**ግዜ፡-** ካብ ሰዓት 11፡00 ናይ ንግሆ ክሳብ ሰዓት 3፡00 ድሕሪ ቐትሪ

ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ /ሳግም
ሰዉራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ
ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ሰዉራዊ ባይቶ
ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሃገራዊ ጉባኤ
ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ
ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ
ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ /ሳግም
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ባይቶ

ሕዳር 20, 2004
ብደሓን ምጹ!!!